## ሓበሬታ ንኻልኣት ወለድን ሰራሕተኛታትን ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ መውዓል ሕጻናት ዝመሃር ኮቪድ-19 እተታሕዘ ሰብ

**ኣብ ቤት ትምህርትኹም ወይ መውዓል ሕጻናትኩም ዝምሃር ኮቪድ-19 እተታሕዘ ሰብ ተረኺቡ ኣሎ። ንስኻትኩም ወይ ውሉድኩም ምስቲ እተታሕዘ ሰብ ብቐረባ እተራኸብኩም ከም ዘይኰንኩም ናይ ኮሙን ሓኪም ስለ ዝገምገመ፡ ቤት ትምህርትኹም ወይ መውዓል ሕጻናትኩም ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ዘይሂብኩም ስሩዕ ትምህርትኹም ክትቅጽሉ ትኽእሉ ኢኹም።**

ናይ ኮምን ሓኪም ምስ ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕና (Folkehelseinstituttet) ብምምኻር ነቲ ኵነታት ብቐረባ ኽከታተሎ እዩ።

### ናይ ኮቪድ-19 ምልክታት ክኸውን ዝኽእል ምልክታት

ምልክታት ኮቪድ-19 ሰዓል፡ ረስኒ፡ ሕጽረት ምስትፋስ፡ ናይ ምጥዓምን ምጭናውን ክእለት ምንካይ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ድኻም፡ ቃንዛ ጭዋዳታት ከጠቓልል ይኽእል እዩ። ናይ ከብዲ ቃንዛ እውን ከጋጥም ይኽእል እዩ። ብፍላይ ኣብ ቈልዑ፡ ምልክታት ኮቪድ-19 ኣዝዩ ቀሊልን ካብ ካልእ ረኽሲ/ሕማም መተንፈሲ ኣካላት ፈሊኻ ንምልላዩ ኣዝዩ ዘጸግምን ክኸውን ይኽእል እዩ።

እዚ ምልክታት እዚ እንተ ተራእዩ፡ መርመራ ንምግባር ቈጸራ ሓዝ።

#### *መርመራ*

ከምቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ዓይነት ናይ ሕማም ምልክታት ዘለዎ ወይ ከኣ ምስ ዝሓመመ ሰብ ናይ ቀረባ ርክብ ዝነበሮ ሰብ ክምርመር ኣለዎ። ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕና (FHI)፡ ቈልዑ በቲ ቀሊል ዝኾነ ሜላ መመርመሪ ጌርካ ክምርመሩ ከም ዝኽእሉ ይመክር።

ነዚ ዝስዕብ ሊንክ ጠዊቕካ ብዲጂታላዊ መገዲ ቈጸራ ኽተትሕዝ ትኽእል ኢኻ፡-
https://www.helseboka.app/booking/staff/66171

ናይ ባንኪ መለለዩ ቝጽሪ (BankID) እንተ ዘይብልካ፡ ወይ ኣብ ኣስከር ዘይትቕመጥ እንተ ዄንካ፡ በቲ ናይ ኮሮና ተሌፎን ዝኾነ 66 71 59 99 ደዊልካ ንመርመራ ቈጸራ ኽተትሕዝ ትኽእል ኢኻ። እቲ ተሌፎን መዓልታዊ፡ እንተላይ ቀዳመ ሰንበት ካብ ሰዓት 08:30-15:15 ይሰርሕ እዩ።

**ሕቶ ኣሎካ ድዩ፧**

ብዛዕባ ውሽባ ሕቶ እንተ ኣልዩካ፡ ናብቲ ናይ ኮሮና ተሌፎን 66 71 59 99 ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ብኻልእ ቋንቋ ሓበሬታ ኽወሃበካ እንተ ደሊኻ፡ ተርጓሚይ ክግበረልካ ሕተት።

ሰፊሕ ለበዳ እቲ ሕማም እንተ ኣጋጢሙ፡ ናይ ኮሙን ሓኪም ሓድሽ ሓበሬታ ኽህብ እዩ። ሒደት ውልቀ ሰባት ጥራይ በቲ ሕማም እንተ ተታሒዞም እሞ፡ እቲ ኵነታት ንንቡር ስራሕ ጽልዋ ዘይገብር ወይ ከኣ ዝያዳ ተምሃሮ ወይ መምህራን ክውሸቡ ዘየገድድ እንተ ኾይኑ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣይክለኣኽን እዩ።

ዝኾነ ይኹን ሰብ እንተ ሓሚሙ ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ መውዓል ሕጻናት ክኸይድ የብሉን።

ዝኾነ ይኹን ሕቶ እንተ ኣልዩካ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ መውዓል ሕጻናት ደውል።

ምስ ሰላምምታ፡
ናይ ኮሙን ሓኪም፡ ሜራ ግረፐ